# ታሪክ ሕይወት ር.ሊ.ጳ. ፍራንቸስኮስ

(ካርዲናል ጆር- ማርዮ በርጐልዮ ማሕበር ኢየሱሳውያን)

ካርዲናል ጆርጅ ማርዮ በርጐልዮ (ማ.ኢ) 17 ታሕሳስ 1936 ኣብ ቦይናስ ኣይረስ ተወልዱ። ንሶም ናይ ቦይኖስ ኣይረስ ሊቀ ጳጳስ፣ ናይቶም ኣብ ኣር- ንቲና ናይ ሥርዓ ቶም ኣቡን ዘይነበሮ ምስራቃዋ ሥርዓት ዝኸተሉ ምእመናን ኣቡን እዮም ነይሮም። ብስነ ቅመማ ከም ተክኒሻን ድግሪ ድኅሪ ረኪቦም፣ ጸዋዕታ ክህነት ስለዝመረጹ፣ ኣብ ናይ ቢላ ደቮተ ዘርኣ ክህነት ኣተው። 11 መጋቢት 1958 ድማ ናብቲ ኣብ ቺለ ዝርከብ ናይ ቤተ ተመኩሮ ኢየሱሳውያን ኣተው። ኣብኡ ከኣ ብስነ ሰብ (humanitcer) ትምህርቶም ወድኡ። ብ1963 ናብ ቦኖስ ኣይረስ ተመሊሶም ካብ ዘርኣ ክህነት ቅ.ሚካኤል ብፍልስፍና ድግሪ ረከቡ።

ካብ 1964 ክሳዕ 1965 ኣብ ኩተማ ሳንታፌ ኣብ ዝረከብ ኮሌ- ንጽሕቲ ድንግል፣ ስነ ጽሑፍን ፍልስፍናን መሃሩ። ኣብ 1966 እውን ኣብ ቦኖስ ኣይረስ ኣብ ዝርከብ ዩኒበርስ ቲ ኤልሳ ልባዶር እዚ ትምህርቲ እዚ መሃሩ።

ካብ 1967 ክሳዕ 1970 ኣብ ኩተማ ቅ.ሚካኤል ዝርከብ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት ቅ.ዮሴፍ ብትምህርተ መለኮት ድግሪ ረኪቡ። ብ13 ታሕሳስ 1969 ከኣ መዓርግ ክህነት ተቀበ- ሉ። ካብ 1970 ክሳዕ 1971 ኣብ ኣልካለ ደ ሀናረስ፣ ኣስ ፐይ ናይ ሰለስተ ዓመት ተመኩሮኦም ዛዘሙ። ብ22 ሚያዝያ 1973 ናይ ምሉእ ሕይወቶም መብጽዓ ገበሩ።



ካብ 1972 ክሳዕ 1973 ኣብ ኩተማ ቅ.ሚካኤል ኣብቲ ትምህርተ መለኮት ዝመሃርሉ በሪለሪ ሓላፊ ተመክርተ ኮይኖም ኣገልገሉ፣ ብ31 ሓምለ 1973 ኣውራጃዊ ሓለቃ ኣር- ንቲና ኮይኖም ድኅሪ ተመሪጾም ን 6 ዓመት ከም ሓለቃ ኣገልገሉ።

ካብ 1980 ክሳዕ 1986 ኣብ ተቅዋም ፍልስፍናን ትምህርተ መለኮትን ቅ.ሚካኤል ከም ዳይረክተር፣ ኣብ ቊምስና ቅ.ዮሴፍ ርእሰ ኣድባራት ሰበካ ቅ.ሚካኤል ከም ቆሞስ ኣገልገሉ። ኣብ መጋቢት 1986 ናይ ዶክተረይት መጽናዕ ቶም (doctoral testis ) ክወድኡ ናብ - ርመን ከዱ። ደኅሪ'ዚ ኣሕሉቆም ናብ ዩኒበርስቲ ኤልሳልባዶር ለኣኩዎም። ድኅሪኡ ከኣ ናብቲ ከም ኣቦ ነፍስን መንፈሳዊ ዳይረኩተርን ከይኖም ዘገልገልሉ ኮርዶባ ልኣኩዎም።

ብ10 ግንቦት 1992 ድማ ር.ሊ.ጳ. ዮሓንስ ጳውሎስ ተረዳኢ ጳጳስ ቦኖስ ኣይረስ ሸሙዎም። ብኢድ ካርዲናል ኣንቶንዮ ኳራቸኖ ምስ ተሓጋገዝቶም ሓዋርያዊ ልኡክ ኡባልዶ ካላብረሲን ኣቡነ ኢሚሎ ኣፕዳቢችን ብ27 ሰነ 1972 ጽጽስና ተቀብኡ።

ብ13 ሰነ 1997 ናይ ቦይኖስ ኣይረስ ሊቀ ጳጳስ ኮይኖም ተሸሙ። ብ28 የካቲት 1998 ከኣ ንካርዲናል ኣንቶንዮ ኳራቺኖ ተክእዎም። ናይቲ ኣብ ጥቅምቲ 2001 ዝተካየደ ናይቲ 10ይ ስሩዕ ጉባኤ ሲኖዶስ ኣቡናት ዋና ወሃቢ ቃል ነበሩ።

ካብ 8 ኅዳር 2005 ክሳዕ 8 ኅዳር 2011 ፕረሲደንት ጉባኤ ጳጳሳት ኣር- ንቲና ኮይኖም ኣገልገሉ።
ብብፁዕ ዮሓንስ ጳውሎስ ካልኣይ ብስም ቅ.ሮቤርቶ በለርሚነ 21 የካቲት 2001 ካርዲናል ተሸሙ።

ንሶም ኣባል ቤት ጽሕፈት ቅድስቲ መንበር መለኰታዊ ኣምልኮን ሓዋርያውን ምስጢራትን ኣበል ቤተክህነትን ተቕዋመ ውፉይ ሕይወትን ማኅበራትን ሓዋርያዊ ሕይወት ከምኡ'ውን ጳጳሳዊ ቤት ምክሪ ስድራ ቤትን ጳጳሳዊ ኮሚሽን ላቲን ኣመሪካን ነበሩ።

# በኵሪስ ብኩት ር.ሊ.ጳ ፍ ራ ን ቸስኮ ስ

(ኣብ ጽንብል ኣገልግሎት ጵጵስናኦም 19 መጋቢት 2013)

ክቡራት ኣኀዋትን ኣኅትን፡ ኣብዚ ዓመታዊ በዓል ሕጹይ ድንግል ማርያምን ሓላዊ ኩላዊት ቤተክርስትያንን ቅዱስ ዮሴፍ፡ ምእንቲ ጽንብል ኣገልግሎት ጵጵስናይ መስዋዕቲ ቅዳሴ ከዕርግ ከሎኩ ንጐይታ ኣመስግን። እዚ ዓቢይ ኣጋጣሚ እዩ። ከማኡ'ውን ናይቶም ብጸሎትናን ብምሉእ ፍቕርናን ምስጋናናን ምስኣም ዘሎና፡ ቅድመይ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዝነበሩ ክቡር በነዲክቶስ መበል 16 ዮሴፍ ዝተሰምዩሉ መዓልተ ዝክር እዩ።

ንኣኀዋተይ ካርዲናላት፡ ኣቡናት፡ ካህናት፡ ዲያቆናት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትየን ገዳማውያን ኩሎም ምእመናናን ምውቕ ሰላምታይ ኣቕርበልኩም። ንወከልተ ካልኦት ኣ ብያተ ክርስትያንን ማኅበራት ክርስትያንን፡ ከማኡ'ውን ወከ ልቲ ማኅበራት ኣይሁድን ካልኦት ሃይማኖታዊ ማኅበራትን ኣ ብ መንጎና ብምርካቦም ኣመስግን። ንመራሕቲ ሃገራትን መንግሥታትን ካብ መላእ ዓለም ዝመጻእኩም ብዙኃት ወግ ዓውያን ወከልትን ዲፕሎማሰይናታትን ልባዊ ሰላምታይ ይብጻሕኩም።

ኣብ ወንጌል “ዮሴፍ ካብ ደቃሱ ተንሢኡ መልኣክ እግዚኣ ብሔር ከም ዝኣዘዞ ገበረ፡ ንማርያም ሕጽይቱ ከኣ ወሰዳ” (ማቴ 1፡24) ዝብል ነንብብ። እዘን ቃላት እዚኣን ነቲ ድሮ ኣምላኽ ንዮሴፍ ሓላዊ ኪኸውን ዝሃቦ ተልእኮ ዘመልክታ እየን። ናይ መን ሓላዊ? ናይ ማርያምን ኢየ ሱስን። እንተኾነ እዚ ከምቲ ብዑፅ ዮሓንስ ጳውሎስ ካል ኣይ ዘመልክትዎ፣ ቅዱስ ዮሴፍ “ልክዕ ከምቲ ንማርያም ፍቕራዋ ሓልዮት ዝገብረላ ዝነበረን ገዛእ ርእሱ ንክርስቶስ ኣብ ምሕብሓብ ተሓጉሱ ዝተጸመደን፣ ነታ ድንግል ማርያም ዝኣብነታን ዝኣርኣያኣን ምሥጢር ሰብነት ክርስ ቶስ፡ ዝኮነት ቤተክርስትያን ይሕልዋን ይጣበቓላን እዩ” (Redemptoris custos 1)።

ከም መጠን ሓላዊ፡ ዮሴፍ ከመይ ገቢሩ እዩ ሓላፍነቱ ዝፍጽም ዝነበረ? ዋላ ኣብቲ ንምርዳኡ ከጸግሞ ከሎ ተጠን ቤተመቀደስ ኢየሩሳሌ ፡ኣብቲ ቤተመቅደስ ክትደሊ ከላ፡ ድኃር'ውን መዓልታዊ ኣብቲ ኣብ ናዝሬት ዝነበረ ገዝኦም ክነብሩ ከለው፡ ንኢየሱስ ጽርበት ዕንጸይተ ክምህር ከሎ ካብ ማርያም ፈጺሙ ኣይተፈልየን። እንታይ ድኣ ብፍቕራዋ ኃልዮት ምስኣ ነይሩ።

ከመይ ኢሉ እዩ ዮሴፍ፡ ነቲ ናይ ማርያም፡ ኢየሱስን ቤተክርስትያንን ሓላዊ ኪኸውን ዝተዋህቦ ጸዋዕታ ምላሽ ዝሃበሉ? ኩሉሳዕ ንድምጺ ኣምላኽ ጽን ብምባል፡ ን ምልክታት ህላዌ ኣምላኽ ሓንጐፉይ ኢሉ፡ ንመደቡ ገዲፉ ንመደብ ኣምላኽ ብምቕባል እዩ ምላሽ ሂቡሉ። ኣ ብቲ ቀዳማይ ንባብ ከም ዝሰማዕናዮ፡ እዚ እዩ እቲ እግዚኣብሔር ካብ ዳዊት ዝጽበዮ ዝነበረ። እግዚኣብሔር ብ ሰባት ዝተሓንጸ ቤት ዘይኮነስ፣ ንቃሉ፡ ንመደቡ እሙን ምኳን እዩ ዝደሊ። ኣምላኽ ባዕሉ እዩ ናይ መንፈስ ቅዱስ ማኅተም ካብ ዘሎዎም ኅያዋን ኣእማን ቤት ዝሓንጽ። ቅ.ዮሴፍ “ሓላዊ” እዩ፡ ምክንያቱ ድምጺ ኣምላኽ ክሰምዕን ብድላይ ኣምላኽ ክምራሕን ስለ ዝከኣለ። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ነቶም ናብ ሓላዋኡ ዝምዕቀቡ ኩሎም ዝያዳ ይሕልዎም። ንሱ ንነገራት ብዓይኒ ሓቂ ክርኢ ዝክኣለ፡ ምስ ከባቢኡ ርክብ ዝነበሮ፡ ብሓቂ ቅኑዕ ውሳኔታት ኪህብ ዝክኣለ እዩ። ክቡራት ኣኀዋት ንጸዋዕታ ኣምላኽ ከመይ ዝበለ ምላሽ ከም እንህብ ካብ ቅ.ዮሴፍ ንመሃር። ከማኡ'ውን ነቲ ዓንዲ ማእከል ጸዋዕታ ክርስትያን ዝኮነ ክርስ ቶስ ኣብኡ ንርኢ። ንኣኀዋትና ክንሕሉ፡ ምእንተ ክንክእል፡ ንፍጥረት ክንሕሉ ምእንቲ ክንክእል ኣብ ሕይወትና ንክርስቶስ ንሓልዎ።

እተ ሓላዋ ናይ ምኳን ጸዋዕታ ግና ንኣና ንክርስትያን ጥራሕ ዘሳትፍ ኣይኮነን። ንኩሉ ሰብ ዘሳትፍ፣ ዝፍሕ ዝበለ ዕላማ ዘሎዎ እዩ። እዚ ማለት ከምቲ መጽሓፍ ዘፍጥረትን ቅዱስ ፍራንተስኮስ ዘኣሲዝን ዘርኣዩና፡ ነተ መልክዕ ናይ ዓለም ዝኮነ ኩሉ ፍጥረት ምሕላው፡ ን ነፍስወከፍ ፍጥረት ኣምላኽ ምሕላውን ነዛ እንነብረላ ዘሎና ዓለም (env ironment) ምዕቃብን ንሰባት ምሕላውን፣ ንነፍስወ ከፍ ሰብ ኣውራ ከኣ ንሕጻናት፡ ንኣረጋውያን፡ ነቶም ብዙኅ



ቂቁ፡ ብትሕትናን ብጽሞናን ካብ ማርያም ከይተፈልየን ብምሉእ ተኣማንነትን ይፍጽሞ ነበረ። ካብቲ ንማርያም ዝተሓጸየሉ ግዜ -ሚሩ ኣብ ሕማቕ ኮነ ኣብ ጽቡቕ ማለት ኣብቲ ሕዝቢ ክጽሓፍ ናብ ቤተልሔም ዝከደሉ ዝነበረ መንገዲ፡ ኣብተ ብጭንቀትን ብታሕጓስን ክትሓርስ ከላ፡ ኣብቲ ናብ ግብጺ ኢየሱስ ሕጻን ሒዛ ክትስደድ ከላ፡ ኢየሱስ ወዲ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ምስ ኮነ ጠፊኡ ኣብ ግዜ ድኅሪ ኩሉ እንሰርየም ውጹዓት፡ ፍቕራዋ ሓልዮት ምርኣይ፡ ኣብ ሥድራቤታት ከኣ ሓደ ነቲ ሓደ ማለት ሰብኣይን ሰበይትን መ- መርያ ነንሓድሕዶም ክተሓላለዩ፡ ድኅሪኡ ከኣ ከም መጠን ወለዲ ንደቆም ክሓልዩ፡ ውሉድ ከኣ ኣብ ግዚኡ ንወለዶም ክሓልዩ፡ ነንሓድሕድና ብተኣ ማንነት፡ ብክብርን ብሕያውነትን ቅኑዕ ዕርክነት ምሕናጽ ማለት እዩ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ኩሉ ነገር ኣብ ትሕቲ ሓለዋና እዩ ዝወድቅ። ነዚ ሓለዋ እዚ ከኣ ኩልና ሓላፍነት ኣሎና'ሞ። ሓለውተ ህያባት ኣምላክ ንኩን!!



ደቂ ሰብ ነዚ ሓላፍነት እዚ እንተዘይተሰኪምናን፣ ንፍጡራት ከማኡ ድማ ንኣኅዋትን ኣኃትን እንተዘይሓሊናን፡ እቲ ናብ ጥፍኣት ዝወሰድ መንገዲ ክፉት ይኸውን፡ ልባትና ከኣ ይተርር። እቲ ዘሕዝን ኣብ ኩሉ ናይ ታሪኽ እዋናት፡ ቅትለት ዝኣልሙ፡ ዓቢይ ጥፍኣት ዝፍጽሙን ናይ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ሓሳባት ዝደቁሱን "ሄሮድሳውያን" ኣለው።

ነቶም ኣብ ኤኮኖሚያዊ፡ ፓለቲካውን ማኅበራውን ሕይወት ናይ ሓላፍነት ቦታ ሒዝኩም ዘሎኹምን ሰብ ጽቡቕ ድላይ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኩልኹም፣ ናይ ፍጥረት፡ ናይቲ ኣብ ተፈጥሮ ዝተገልጸ መደብ ኣምላኽ፡ ናይ ነንሓድሕድናን ናይ ኣከባብን "ሓለውቲ" ንኹን። ናይ ጥፍኣትን ሞትን ምልክትታ ምስቲ ናይ ዓለም ግስጋሰ ብሓደ ኪንዓዙ ኣይነፍቐድ!! "ሓለውቲ" ንምዃን ግና ገዛእ ርእስና ክንሕሉ ኣሎና!! ጽልኢ፡ ቅንኢ፡ ትዕቢት፡ ንሕይወትና ዘርክሱ ምዃኖም ኣይንረስዕ። ስለዚ ሓላዊ ምዃን ማለት ስምዒታትና፡ ልብና ምቍጽጻር ማለት እዩ። ምኽንያቱ እዚኦም ምንጪ ጽቡቕን ክፉእን ኣተናታት፡ ማለት ዝሓንጹን ዘዕንውን ኣተናታት እዮም። ስለዚ ኅያዋይን ምዃን፡ ርኅሩኅ ንምዃን ክንፈርሕ የብልናን።
ኣብዚ ሓደ ነገር ኪወሰኽ፡ ምሕላይ፡ ምሕላው ኅያዋይ ምዃን ዝሓትት፡ ርኅሩኅ ምዃን ዝደሊ እዩ። ቅዱስ ዮሴፍ ከም ብርቱዕን ተባዕን ሰብኣይ፡ ከም ትጉህ ሠራሕተይና ዝፍለጥ ኰይኑ ከሎ፣ እቲ ናይ መንፈስ ብርታዐ ምልክት ከማኡ ድማ እቲ ናይ ሓልዮት፡ ካልኣት ናይ ምቕባል፡ ናይ ፍቕሪ ምልክት ደኣ እምበር ናይ ድኻምነት ባህሪ ዘይኮነ ዓቢይ ርኅራኄ ኣብ ልቡ ንርኢ!! ኅያዎት ምዃን፡ ርኅሩኃት ምዃን ክሕፍረና የብሉን!!

ሎሚ ኣብዚ ዓመታዊ በዓል ቅዱስ ዮሴፍ፡ ምጅማር ናይቲ ገለ ሥልጣን ዘሎዎ ናይ ምትክእ ጴጥሮስ፡ ጳጳስ ሮማ ኣገልግሎት ንጽንብል ኣሎና። ኢየሱስ ክርስቶስ ንጴጥሮስ ብርግጽ ሥልጣን ሂቡዎ እዩ፡ ግና እንታይ ዓይነት ሥልጣን? እተን ኢየሱስ ንጴጥሮስ ሓዋሪያ ዝተሓተቶ ሠለስተ ሕቶ፣ ዕያወተይ ኣብልዕ፡ ኣባጊዐይ ኣብልዕ ዝብላ፡ ሠለስተ ትእዛዛት ኣስዒበን እየን። ሓቀይና ሥልጣን ኣገልግሎት ምዃኑ ፈጺምና ኣይንረስዓዮ። ከማኡ ድማ ጳጳስ ሥልጣኖም ክፍጽሙ ከሎው፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብቲ ኣብ መስቀል ዝለዓለ ታሕጓስ ዝረኸቦ ኣገልግሎት ክጽመዱ ኣሎዎም። በቲ መለለዪ ቅዱስ ዮሴፍ ዝኾነ ትሕትና ዘሎዎ ቅኑዕን እሙንን ኣገልግሎት ክለዓዓሉ/ክነቓቕሑ ኣሎዎም። ልክዕ ከም ቅዱስ ዮሴፍ፡ ንኹሎም ሕዝበ እግዚኣብሔር ኢዶም ዘርጊሖም ክሓቍፉ ንመላእ ዓሌት ሰብ ኣውራ ከኣ ንድኻታት፡ ንድኹማት፡ ነቶም ማቴዎስ ወንጌላዊ ኣብ መወዳእታ ፍርዲ ፍቕሪ ዝዝርዝሮም ንዑቃት ማለት ንዝጠመዩ፡ ንዝጸምኡ፡ ንኣጋይሽ፡ ንዝዓረቑ ንዝሐመሙን ንዝተኣሰሩን (ማቴ 25፡31-36) ርኅራኄ ብዘለዎ ሓልዮት ክሕብሕቡ ኣሎዎም። ክመይ እቶም ብፍቕሪ ዘገልግሉ ጥራሕ እዮም ክሕልው ዝኽእሉ።

ኣብቲ ካልኣይ ንባብ፡ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ እቲ "ተስፋ ኣብ ዘይብሉ ተስፋ ብምግባር ዝኣመነ" (ሮማ 4፡18) ኣብርሃም እዩ ዝዛረብ። ተስፋ ኣብ ዘይብሉ ተስፋ ምግባር!! ሎሚ'ውን ብርቱዕ ጸልማት ስለዘሎ ናይ ተስፋ ብርሃን ከነርእን ንኻልኦት ተስፋ እነምጽእን ኪንከውን የድሊ። ንፍጥረት ምሕላው፡ ንነፍስወከፍ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን ኢዶም ዘርጊሖም ክሓቍፉ ናብኦም ብርኅራኄን ብፍቕርን ምጥማት ማለት ናይ ተስፋ ኣድማስ ምኽፋት፡ እቲ ናይ ብርሃን ጨራ ከቢድ ደመና ክስንጥቅ ምፍቃድ ናይ ተስፋ ሙቀት ምምጻእ እዩ። ንኣመንቲ፡ ንዓና ንክርስትያን ከም ኣብርሃም፡ ከም ቅ.ዮሴፍ እቲ እነምጽኦ ተስፋ ኣብቲ እግዚኣብሔር የሎን ዝበሃለሉ ኣድማስ እዩ። እዚ ተስፋ፡ እዚ ከኣ እቲ ኣብ ቅድሜና ብክርስቶስ ዝተገልጸልና እዩ። ኣብቲ ከውሒ ዝኾነ ኣምላኽ ዝተሓንጸ ተስፋ እዩ።

ንኢየሱስ ምስ ማርያም ምሕላው፡ መላእ ፍጥረት ምሕላው፡ ንኩሉ ሰብ ኣውራ ከኣ ንድኻታት ንዓና ምሕላው እቲ ናይ ተስፋ ኮኾብ ደሚቑ ምእንቲ ክብርህ ናይ ሮማ ጳጳስ ክገብርዎ ዘሎዎም ንሕናውን ኩልና ዝተጸዋዕናሉ ኣገልግሎት እዩ። ነቲ ኩሉ ኣምላኽ ንዓና ዝሃበና ብፍቕሪ ንሓልዎ።

መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኣገልግሎተይ ምእንቲ ክሰንየኒ፡ ኣማልድነት ድንግል ማርያም፡ ቅዱስ ዮሴፍ፡ ቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን ከማኡ ድማ ኣማልድነት ቅዱስ ፍራንቸስኮስ እምሕጸን። ኩልኹም




ሓቢርና ንጉዓዝ

ንሓድሕድና ንተሓጋገዝ

ንሓድሕድኩም ሓልዮት ኣርእዩ

ንሓድሕድኩም ኣይትጓድኡ

ንሕይወት ንከናከቦ

ንስድራቤት ንሕለ

ንተፈጥሮ ንዓቅብ

ንሕጻናት ንከናከቦ

ንኣረጋውያን ንከናከቦ

ጐይታ ይባርኽኩም ማርያም
ከኣ ትሓልኩም።

# ሓዲስ ርእሰ ሊቓነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ

## ኣብ ቅድስተ መንበር ንዝቅመጡ ዲፕሎማሰይናታት ዘስምዕዎ ቃል

ክቡራትን ክቡራንን!!

ብስም ኩልኩም ጥዑም ዘረባ ንዘስምዑኒ ተጸዋዒኩም ኣምባሳደር ጂን-ክላውደ ሚሽል ብልቢ ኣመስግን። ኣብዚ ጳጳስ ንዓለም ከምዝሓቁፍዎ ዝገልጽ ምቅሉል ግን ከኣ ዓሚቅ ትርጉም ዘለዎ ናይ ሰላምታ ምልውዋጥ ስነ ሥርዓት ምሳካትኩም ምርካበይ ኣሕጉሰኒ። ብርግጽ ብኣካትኩም ምስ ሕዝብታትኩም እራከብ ኣሎኩ። ስለዚ ንዜጋታት ነፍስወከፍ ሃገር ኣብ ሓጕሶም፣ ጸገማቶም፣ ትጽቢታቶም፣ ባህግታቶም ክበጽሖም እክእል እየ።

ክንዲ'ዚ ትኣክሉ ወኪላት ኣብዚ ምህላወኩም ኣብ መንጎ ሃገራትኩምን ቅድስቲ መንበርን ዘሎ ዝምድናታት ፍረ ከም ዘለዎ ምልክት እዩ። እቶም ዝምድናታት ከኣ ናይ ወዲ ሰብ ረብሓ/ጥቅሚ ምንጪ እዮም። እተ ኣብዚ ዓለም ንቅድስቲ መንበር ብሓቂ ዘገድሳ ከኣ፣ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ጽብቐ/ረብሓ እዩ። ናይ ሮማ ጳጳስ ሥርሖም ዝጅምሩ ዘለው፣ ናይተን ተወኪልኩምለን ዘሎኩም ሃገራት ፍቕርን ዕርክነትን ብምፍላጥን ነዚ ዕላማ እዚ ንስካትኩም ከምእ ትኃብርዎ ብምትእምማን እዮም። እዚ ርክብ እዚ ምስተን ገና ምስ ቅድስቲ መንበር ዝምድናታት ዘይብለን ሒዶት ሃገራት እውን ጉዕዞ ንም- ማር ዕድል ክህብ ተስፋ እገብር። ገለ ካብኣን ኣብቲ ኣብ ጽንብል ኣገልግሎት ጽጽስናይ ዝዓረገ መስዋዕቲ ቅዳሴ ብምስታፈን፣ ገሊኣን ከኣ ከም ምልክት ሓጎሰን መልእኽቲ ብምስዳደን ብሓቂ ኣመስግ ነን።

ከም እትፈልጥዎ ናይቲ ኪንኖው ዶባት ጣልያንን ኤውሮጳን ጥራሕ ዘይኮነ፣ ዋላ ኣብቶም ካቶሊካዊ እምነት ዘይክተሉ ከይተረፉ ፍሉጥ ፍራንተስኮስ ዘኣሲዚ ስም ምምራጸይ ዝተፈላለየ ምኽንያት ኣሎኒ። እቲ ቀዳማይ ምኽንያት ፍራንቸስኮስ ንድካታት ዝነበሮ ፍቕሪ እዩ። ኣብ ዓለም ገና ክንደይ ድካታት ሰባት ኣለው!! ክንደይ ዝዓቢ ስቃይ ከ ይጸሩ!! እታ ኣብ ኩሉ ቦታ እትርከብ ቤተክርስትያን፣ ናይ ፍራንቸስኮስ ዘኣስዚ ኣብነት ተኪቲላ፣ ነቶም ዘድልዮም ስኢኖም ዝሳቀዩ ዘለው ክትሓልን ክትጓስን ኩሉሳዕ ትጽዕር ኣላ። እቲ ክርስትያን ኣብ



ብዙኃት ሃገራትኩም ንሕሙማት፣ ንዘክታማት፣ ቤት/መጽለሊ ንዘይብሎምን ንኩሎም እቶም ዝተጓነዩን ን ምሕጋዝ ተወፍዮም ብሓልዮትን ብለጋስነትን ዝሠርሕዎ ዘሎው፣ ብኡ ኣቢሎም ከኣ ኅብረተሰብ ኣጸቢቑ ኅያዋይን ፍትሓውን ኪከውን ዝጽዕረዎ ዘሎዉ ባዕልካትኩም ኩተረጋግጽዎ ትክእሉ እመስለኒ።

ግና ካልእ ዓይነት ድክነት ከኣ ኣሎ!! ንሱ ከኣ ኣውራ ነተን ሃብታማት ሃገራት ዝበሃላ ኣጸቢቑ ዝሃሲ ዘሎ ናይ ግዜና መንፈሳዊ ድክነት እዩ። እዚ እቲ እቶም ቅድመይ ር.ሊ.ጳ. ዝነበሩ ብዙኅ ፍተው በነዲክቶስ መበል 16 "ሕሱም ሽለልትነት" (Tyranny of relativism ) ቢሎም ዝጸውዕዎ፣ ንነፍስወከፍ ናይ ባዕሉ ፈራዲ ዝገብርን፣ ናይ ሰባት ብኃባር ምንባር ኣብ ስግኣት ዘውድቕ እዩ። ናይ ፍራንቸስኮስ ስም ዘምረጽኒ ካልኣይ ምኽንያት እምበኣር እዚ እዩ። ፍራንቸስኮስ ዘኣሰዚ፣ ሰላም ንምሓናጽ ክንሠርሕ ከምዘሎና ይነግረና። ግና ብዘይ ሓቂ፣ ሓቀይና ሰላም የልቦን!! ነፍስወከፍ ሰብ ናይ ባዕሉ ፈራዲ እንተኮይኑ፣ ነፍስወከፍ ሰብ ብመሠረት እተ ንኩሉ ኣብዛ ምድሪ ዘሎ ወዲ ሰብ ዘኅብር ተፈጥሮ፣ ናይ ካልኦት ረብሓ ከይሓለየ፣ ናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓ ጥራሕ ዝደሊ እንተኮይኑ፣ ሓቀይና ሰላም ክህሉ ኣይክእልን እዩ።

ሓደ ካብቲ ናይ ሮማ ኣቡን ሥልጣን ጽጽስና ናይቶም ን ኣምላክ ንሰብን ከማኡ ድማ ንሰባት ዘራክቡ ድልድላት ሓናጺ ምኳን እዩ። እተ ኣብ መንጎና ዝግበር ዘተ፣ ነፍስወከፍ ንብጻዩ ከም ጻላኢ፣ ከም መቀናቕንቲ ዘይኮነስ፣ ዝቕበሎን ዝሓቁፎን ኃው ወይ ኃውቲ ምኳኑ ክርኢ ምእን ቲ ክክእል ንኩሎም ሰባት ዘራክቡ ድልድላት ንምሕናጽ ከሕግዝ እምነ። ከም እትፈልጥዎ፣ ሥድራይ መበቆሎም ጣልያን እዮም። ስለዚ ኣብ መንጎ ነዋሕ ዝተረሓሐቀ ቦታታትን ባህልታትን ዝግበር ዘተ፣ ኣብ መንጎ እቶም ሎሚ መመሊሶም እናተቀራረቡ እናተመላልኡን ዝኸዱ ዘሎዉ፣ ናይ ሓቀይና ኅውነት ቦታታት ንምርካብን ንምጥጣሕን ዚያዳ ዕድላት ዝደልዩ ዘሎዉ ክልተ ጫፍ ዓለም ዝግበር ዘተ ንዓይ ኣጺቢቐ የገድሰኒ።

ኣብዚ ሥራሕ እዚ ኣስተዋጽኦ ሃይማኖት መሠረታዊ እዩ። ንኣምላክ ሸለል/ዕሽሽ ኢልካ ኣብ መንጎ ሰባት ድልድላት ኪትሓንጽ ኣይከኣልን እዩ። ብኣንጻሩውን ንሰባት ሸለል/ዕሽሽ ኢልካ ምስ ኣምላክ ቅኑዕ ርክብ ኪትገብር ኣ ይከኣልን እዩ። ስለዚ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ዓሚቕ ዘተ ምኽያድ ኣገዳሲ እዩ። ኣውራ ከኣ ዘተ ምስ ምስልምና እየ ዝሓስብ ዘሎኩ። ኣብቲ ጽንብል ኣገልግሎት ጽጽስናይ ዝዓረገ ቅዳሴ፣ ብዙኃት ዓለማውያንን ሃይማኖታውያንን መራሕቲ ካብ ምስልምና ምስታፎም ብጣዒሚ ኣድኒቀዮም። እቶም ዝከፋፍሉናን ዝጐድኡናን ፍልልያት ፈጺሞም ጠፊኦም፣ ኣብ ክንድኦም ብዝኃኒ ዓሌቶም( ብዘየገድስ ኣብ መንጎ ኩሎም ሕዝብታት ሓቀይና ናይ ዕርክነት ርክብ ምእንቲ ክህሉው ምስ ዘይኣመንቲውን ርክብ ምስፋሕ ኣገዳሲ እዩ።

ንድክነት ብንዋትን ብመንፈሳውን ምቅላስ፣ ሰላምን ናይ ሰላም ድልድላትን ምሕናጽ፣ ነቲ ንነፍስወከፍ ኣብዚ ተወኪላ ዘላ ሃገር ኪትገብሮ ዘሎዋ ጉዕዞ ኪዕድማ ደልየ ዘሎኩ መወኪሲ ነጥብታት እዮም። ምእንቲ እዛ ዓለምና ብፍቕሪ ክንዓቢ ከምዘሎና እንተ ዘይተማሂርና እቲ ጉዕዞ ኪቢድ እዩ። ኣብዚ እውን ናይቲ ነቶም ብዙሕ ጊዜ ክንዲ ንጽቡቕ ንጥቀመሉ፣ ሓደ ነቲ ሓደ ንምጉዳእ ብስስዐ እንምዝምዞ ዘሎና መላእ ፍጥረት ክንከናኸንን ኣከባቢና ክንዕቅብን ዝምህርና ፍራንቸስኮስ ስም ኪዝክር ይሕግዘኒ።

ክቡራት ኣምባሳደራት ክቡራትን ክብራንን!!

ነቲ ኩሉ ሰላም ንምሕናጽ፣ ናይ ዕርክነትን ኅውነትን ድልድላት ንምሕናጽ ምስ ቤት ጽሕፈት መንግሥቲ ብምትኅብባር ትገብርዎ ዘሎኹም ጻዕሪ ደጊመ ኣመስግን። ንመንግሥትታትከምከ ኣብዚ ናይ ዝተመረጽኩሉ ጽንብል ብኣኻትኩም ብምስታፎም እናመስገንኩ ንፍረ ዘሎዎ ናይ ኃቢር ጻዕሪን ልባዊ ድልየተይ ኣሓድስ። እቲ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ኣብ ነፍስወከፍኩም፣ ኣብ ሥድራቤታትኩምን ኣብቶም ተወኪልኩምሎም ዘሎኹም ሕዝብታትን ህያባቱ የፍስስ።

የቀንየለይ!

22 መጋቢት 2013